# ምስክርነት ዕረፍቲ ሓዋርያ ቶማስ

www.debresahl.com

1. ሓዋርያ ቶማስ ናብታ ዕንጨይቱ ዝሃበቶ ሃገር ህንደኬ ብዙኃት ምእመናን ካብ አምላኾ ጣኦት ናብ አምልኾት እግዚአብሔር ስለዚመለሰ፣ ሉክዮስ ዝተባህለ መኮንን፣ እንተደአ እዚ ሰብ እዚ ናብ ሃገርና ክቅመጥ ስቕ ኢልና ርኢናዮ ንሕዚብና ናብ አምልኾቱ ከእትዎም እዩ፣ ኢሉ አዚዙ ቆርበቱ ገፊፎም ሑጻ መሊኦም ተደኪሞ ኢሎም ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እንዳ አዛወርዎ ምዉታት ምትንሥእ ሥርሑ አይገደፈን። ምዕ፣14 ቁ.9 ተመልከት።

2. ሓዋርያ ቶማስ ካብታ ዝነበራ ንመቄዶንያ ክኸይድ ከሎ ናብ መገዲ ጐይታ ስለዝረኸቦ ቆርበቱ ከምቀደሙ ተመልሰሉ። ናብ መቄዶንያ ምስአተወ ድማ ከም ሓዲሽ ስብከት ወንጌሉ ስለዝቐጸለ፣ እቶም ሰብ እቲ ዓዲ ናብ ቤት ማእሰርቲ አእተዉዎ። ሰብይቲ ንጉሥ ጥርጥባንያንን ኳሉ መምህርናን ብዙኀት ምእመናን አኸቲለን ደድኀሪኡ ናብቲ ቤት ማእሰብርቲ በጽሓ። እቲ ናይ ቤት ማእሰርቲ ማዕጾ ድማ ዝኸፈቶ ዘትብሉ ባዕሉ ተራሕወለን እሞ ንቅዱስ ቶማስ አዘራርባኦ። ግሓ.12፣6-9።

3. ቅዱስ ቶማስ ድማ ንአመንቱን ደለይቱን አምስዚኑን አጸናኒዑን ጐይታ ካብዛ ኃላፊት ዓለም እዚአ ናብታ ዘትሓልግ መንግስቱ ከግዕዘኒ ስለዝኾነ፣ እዛ ሎሚ ዘስተምህራ ዘሎኹ ቃል ውንጌል ናይ መወዳእታይ እያ። ገድለይ ፈጺመ መልእኽተይ አብጺሔ እየ በሎም። ሓዋርያ ቶማስ ነቶም ክበጽሑዎ ዝመጹ ቃልን ማዕዳን ብምሃብ ካብኦም ብሰላም ተፋንዩ ናብታ ቤት ማእሰርቲ ተመልሰ። እቶም ሓለዉቲ ማዕጾ ግን እዚ ሰብ እዚ ናብ ቤት ማእሠርቲ ዚአክል ማዕጾ ባዕሉ ዝረሓወሉን ዚዕጸወሉን መሠርይ ክኸዉን አለዎ። ኢሎም ንጽባሒቱ ናብ ንጉሥ ከይዶም ሰይቱን ጓሉን ዝመርሕዎም ንቶማስ ከምዝበጽሑዎን ምስኡ እዉን ከምዝተዛራረቡን 2 ጊዜ እዉን ክአቱን ክወጽእን ከምዝተራ ዕዮ ሰበይትኻን ጓልካን ድማ ብምሥጢር ምስኡ እናተራኸባ ከምዝኸዳ ርግጸኛታት ኢና።

4. ስለዚ ንሕና እዚ ዘለዎ ቤት ማእሠርቲ ክንሕሉ ስለዘይንኽእል ካብዚ ሥራሕ እዚ አፋንወና ኢሎም አመልከቱሉ። ንሱ ድማ ነቲ ቤት ማእሠርቲ መፍትሑን ማኀተሙን ርእዩ እዚ ዝበልኩምዋ ቃል ሓሶት እዩ። ምኽንያቱ እቲ ምፍትሑን ማኀተምን ከምቀደሙ ኮይኑ ረኺበዮ እየ በሎም፣ እንተኾነ ነቲ ነገር ብማሕላ ስለ ዝደገፍዎ በሉ እስኪ ካብቲ ቤት ማእሠርቲ አዉጽእኩም ናባይ አቕርቡለይ ስለ ዝበሎም አቕረብሉ።

5. እቲ ንጉሥ ምስትዮስ ድማ ምስ ረአዮ ባርያ ዲኻ ጐይታ ኢሉ ሓተቶ። ሓዋርያ ቶማስ ድማ ናይቲ ናትካ ሥልጣን ዘይበጽሖ ኢየሱስ ክርቶስ ባርያ ኢየ ኢሉ መለሰሉ። እቲ ንጉሥ ግን ዘይተጸበዮ ደረቕ መልሲ ብምስማዑ ተቆጢዑ በል እስኪ ካብ ዓድኻ ናብዚ መምጺኢኻ እንታይ እዩ? ግሓ፣17፣6 ምስ በሎ ድማ፣ ነዚ ሕዝቢ እዚ ካብ አምልኾ ጣዖት ናብ አምልኾ እግዚአብሔር ንምምላስ እየ ተላኢኸ መጺአ ዘለኹ በሎ። ዘረባኦም ክቀባበሎ ብዘይምክአሎም ከአ ምስትዮስ ሕጂ ብሥራካ እዚ ኩሉ ሕዝቢ ስለዝፈለጠካ ነአኻ ቀቲለ ትምህርትኻ ድማ ሥሩን መሠረቱን ካብዚ ሃገር ከምዝጠፍእ ክገብር እየ ኢሉ ፈከረሉ።

6. ሓዋርያ ቶማስ ድማ ሓንቲአ ትኹን ኢሉ ግብረይሲ ድኀር ሞተይ አጸቢቐ ከሥፋሕፍሕ እዩ ኢሉ አብ አፉ መለሰሉ። ገድ.ጳዉ.24፣7። እቲ ንጉሥ ቀልጢፉ ከምቲ ዝፈከሮ ንሞት ዘይመወሃቢኡ ግና ብዙኃት መኳንንትን ዓበይቲ ሃገርን ብስብከት ቶማስ አሚኖም ስለዚነበሩ ኢንታይኮን ይብልኒ ይኾኑ ዝብል ስለ ዘኀደረ እዩ አማስያኡ ግን አብ ቅድሚ ሕዝቢ ምቕታሉ ምጥዓም ምስ ሰአኖ 12 ዕጡቓት ዓቀይቶት ልኢኹ 2 ምዕራፍ ዝአክል አርሒቕኩም ወሲድኩም ቅተልዎ ኢሉ አዚዙ ሰደዶም።

7. ቅዱስ ቶማስ ድማ ናብቲ ንሞት ዝመደበሉ ቦታ ምስ በጽሐ ቅድሚ ሞቱ ነዊሕ ጸሎትን ምስጋናን ናብ አምላኹ አቕረበ። ነቶም ወታሐደራት (ልኡኻት) ድማ ሕጂ እታ ዝተአዘዝኩምዎ ነገር ፈጽምዎ በሎም። እሞ ካብቶም ዝተመደቡ 12 ወታሐደራት 4 ወታሐደራት ኩናቶም ወርዊሮም ወጊኦም አዉደቕዎ። ነብሱ ካብ ሥጋኡ ተፈልየት፣ ዜና ቤተ ክርስቲያን ግጽ 152-153 ተመልከት። እቶም ምእመናን ግን ብንጹሕ ዓለባ ገኒዞም ቀዳሞት ነገሥታት አብ ዝቕበሩሉ ዝነበሩ መካነ መቓብር ቀበርዎ። ካብቶም ዝቐበርዎ ምእመናን ሱቁራ አዉስያ ዝበሃሉ ናብቲ መቓብር ስለዝተረፈ እቶም ካልኦት ነናብ ገዝኦም ምስ ተመለሱ ሽዑ መዓልቲ ንጊዙኡ ቶማስ ተገሎጹ ንምንታይ ናብዚ ተሪፍኩም ነአሲ ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታይ ተቀቢሉኒ ኢዩ ሕያዉ እየ እምበር ምዉት አይኮንኩን። ካብዚ ቦታ መቓብር እዚ ድማ ተንሥአ እየ። ሉቃ.24፥5።

8. ንዳኅረዋይ ጊዜ እዉን ንስኻትኩም አነ ናብ ዘሎኹዎ ክትመጹ ኢኹም ኢሉ ነታ ነአኻትኩም ዝተቐበለ( ዝሰዓበ) ነአይ ተቐበለ እትብል ቃል ጐይታ ነቶም ሰዓብቲ ሕዋርያት ንሕና ናብ ዘሎናዮ ንስኻትኩም ክትመጹና ኢኹም ማለቱ ንግዚኡ ናብ ገነት ንደኅራዩ ድማ ናብ መንግስተ ሰማያት ማለቱ ስለዝኾነ አቐዲሙ ነቶም ክሳብ ዕለተ ሞቱ ብእግርን ብግብርን ዝሰዓብዎ ዓቢይ ብሥራት አስምዖም።

ጸሎቱን በረከቱን ምስ ኩልና ሕዝበ ክርስቲያን ይኹን፥ አሜን።

ሰላም ለቶማስ እንተ ደለዎ ይግሥሶ።
ለርጉዝ ብግዕ ድኅረ ተንሥአ ደቂሶ።
በአንቅሖ ሙታን ሰብእ ወነፍስ ሕሙማን ለፈዉሶ።
እንሶሰወ ዉስተ ኩለሄ ወነገደ መርሶ።
በአምሳለ ፅፍነት እንዘ ይጸዉር ማዕሶ።

ስንክሳር 26 ግንቦትን 1 ሓምለን ተመልከት